## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 5፡- ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ



*ዳዊት መዝገበ*

### ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤኛታት

ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ክንርከበን፥ ውድባዊ ናይ ደገፍ ቃል ክንህብን ብዝገበርኩምልና ዕድመ መሰረት፡ ኣብ መንጎኹም ተረኺብና ቃል ክንህብ ብምብቃዕና እናመጐስና፤ ኣብ'ዚ ንምብጻሕ እንቋዕ ኣብቃዓኩም እናበልና፡ ጉባኤ ኣገደስቲ ውሳኔታት ብምውሳን ዕዉት ኰይኑ ንኽወጽእ ዘለና ልባዊ ትምኒት ክንገልጽ ንፈቱ።

ክቡራትን ክቡራንን ጉባኤኛታት፡

እዚ ጉባኤ'ዚ ዝጋብኣሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ውድዓዊ ኵነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ክንመዝን ከለና፡ ኵሉ መዳያዊ ወጽዓን በደላትን ናይ'ቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ዲሞክራስን ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ካብ ዝጸንሖ ከቢዱን ዓሚቑን ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ፡ ህዝብታትና ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰሎም ፍጹም ታጋሂሱ፥ ሰላምን ምርግጋእን ተሳኢኑ፥ ነቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ፖለቲካዊ ህይወት ንምስኳዕን ምቕናይን ዝግበር ኣፍራሲ ኵናት ናይ ምክያድ ሃዋህው ዝለዓለን ህያውን ኣብ ዘለወሉ ኵነታትን፥ ኣፍራዪ ሰብኣዊ ጉልበት ሃገርና ካብ ኣፍራዪነት መሊኡ ኣብ ዝተመዛበለሉን ናይ ግዱድን ኣፍራስን ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሓውሲ ጊላዊ ማእቶትን ኣብ ዝተዋፈረሉን፥ ስድራ ቤታት ኤርትራ ኣላዪን መራሕን ስኢነን ኣብ ዝሳቐያሉን ዝፈርሳሉን ኵነታት፥ ማሕበራውን ቍጠባውን ጸገማት ሰፊሑን ዓሚቑን፡ ጥሜትን ዓጸቦን ሕማምን ኣብ ዝነገሰሉ ኵነታት ኢዩ ዝጋባእ ዘሎ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ደገፍ ናይ ህዝቢ ዘይብሉ ባይቶኣ ረጊጹ፡ ብናይ ፖለቲካዊ መርሆን ነብሰ-ምትእምማንን ምስኣን ብጭንቀት ተዋሒጡ፡ ብናይ ሕጊ ኣልቦ ኣተሓሳስባን ተግባራትን እናተመርሐ ካብ ናይ ቀረባን ርሑቕን ህዝብታትን መንግስታትን ተነጺሉ፡ ከም ሕሱም እናተጓነጸ፤ ሎሚ'ውን፡ ከም ናይ ዝሓለፈ ልሙድ ተግባራቱ ኣብ ከባቢና ናይ ኵናት ጽሕተራ ንምክያድ፡ ነቲ መዛዘሚ ዘይረኸበ ሕቶ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብስም ሃገራዊ ልዑላዉነን ነጻነትን እናመሳመሰ፡ ሰላም ንምህዋኽን ንምዝርግን

ንህዝብታትና ብምድንጋርን ብምሽሓትን ክሕባእ ኣብ ዝፍትነሉ ዘሎ ግዜን ኾነታትን፥ ከምኡ ውን፡ ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ዘይሓየለሉን፡ ጸላኢ ካብ'ዚ ድኽመታት'ዚ፡ ኣብ ዝርብሓሉን ዘሎ ወቕቲ ይጋባእ ብምህላዉ፡ ኣገዳስን ታሪኻውን ኢዩ ዝገብሮ።

ክቡራት ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን፡

ኣብ ልዕሊ ሃገርና ህዝብታትናን ዘጋጥም ዘሎ ወጽዓን ጭቆናን ኣድልዎን ዕንወትን ህልቂትን ስደትን ምፍንቓላትን ...ወዘተ ክኽሰቱ ሕማቕ ባህርን ዕላማን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጠሮ ደኣ ይኹን'ምበር፡ ክሳብ ክንድ'ዚ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ሕሰምን ስቓይን ክበጽሕን፡ ዕድመ ረኺቡ ክቕጽልን ግን፡ ብሓያልነት ናይ'ቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ጥራሕ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ድኽመታትን ሕመቕን ዘይውህደትን ተቓወምቲ ውድባትና ዝፈጠሮ ተወሳኺ ጸገም ምኻኑ ካብ ዝኾነ ኣካል ዝተሰወረ ኣይመስለናን።

መብዛሕትኡን ተቓወምቲ ውድባትና፡ ቅድም ክብል ዝነበረን ናይ ምንጽጻግን ምትህርራምን ኣሉታዊ ዝምድናን ተመኲሮን ብምውጋድ፡ መጀመርያ ብስም ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ፡ ቀጺሉ ድማ፡ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ዘሰማምዐን ፖለቲካዊ ዕላማታት ዝተመስረተ ምሕዝነት ብምፍጣር ቀሊል ዘይኮነ ሃገራዊ ዓቕምን ሓይልን ብምውናን፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ከካይድኦ ዝጸንሓን ዘለዋን ሃገራዊ ቃልሲ ኣነኣኢስካ ዘይርአ ምኻኑ ሓቂ ኢዩ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ምስ'ዚ ጐኒ ንጐኒ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሃገራዊ ግንባርና ኤዲኪ ዝተጠርነፉ ውድባትና፡ ክንድ'ቲ ካብ'ኣተን ዝጥለብ ሃገራውን ህዝባውን ግቡኣት፡ ዓቕመንን ዓቕምን ትሕዝቶን ህዝበናን ብምውህሃድን ብምምዝማዝን፡ እጃመን በቒዐን ይጻወታ ኣለዋ እየን ክበሃል ግን ብፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን።

ወድዓዊ ጸገማት ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ንምፍታሕን ንምውጋድን፥ ከማልእኦን ክፍጽምኦን ዝግበኦን ኣስተዋጽኦን ተራን ዝጠልብ ኵነታት ህያው'ዩ ዘሎ። ነዚ ግዜ ዘይህብ፡ ሃገራውን ህዝባውን ጠለባትን ሕቶታትን ንምምላእ ከብቕዓ ድማ፡ ኣብ ሓባራዊ እምነታት ዝተሰረተ ምትእምማንን ምድግጋፍን ውህደት ኣመራርሓን ኣሰራርሓን ከማዕብላን ከሐይላን፥ ኵሉ መዳያዊ ፍልልያተንን እምነታተንን ናይ ምቕባልን ምኽባርን ፖለቲካዊ ዲሞክራስያዊ ባህልን ልምድን ከማዕብላን፥ ግንባራዊ ዕላማን ዕማምን ቀዳምነት ሂበን ምስልሳልን ሰጢምካ ምስራሕን፥ ናይ ልዕለት ትሕተት ኣረኣእያን መንፈሳትን ስዒቡ ዝኽሰት ምንጽጻግን ...ወዘተ ኣሉታዊ ተርእዮታትን መንፈሳትን ንምውጋድ ክቃለሳ ይግባእ። ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ህዝቢ ክሰርሑ ዝግባእ ፖለቲካውን ውድባውን ስርሓት ብቐጻሊ ብምክያድ፡ ተራን ተሳትፎን ህዝብታትና ኣብ'ቲ ቃልሲ ክዓዝዝን ከድምዕን ንምግባሩ፡ ዘይሕለል ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ፡ ካብ መሰረታውያን ስርሓት ግንባርና ክኾኑ ዝግብኦም ረጃሒታት ኢዮም።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤኛታት፡

ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብታትናን ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባዊ፡ ማሕበራዊ ወጽዓታትን፥ ናይ ዕንወትን ምብትታንን ሓደጋታትን፡ ብቓልሲ ክውገድን፡ ኣብ ቦታኡ ሰላምን ምርግጋእን ዲሞክራስን ፍትሕን ልምዓትን ዕብየትን ክረጋገጽ ከምዝከኣል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዝኾነ፡ እዚ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝካየድ ዘሎ ሃገራዊ ቃልሲ ክሕይልን ከድምዕን ዝከኣል፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ዓቕሚ ማለት ናይ ህዝብን ተቓወምቲ ሓይልታትን ዓቕምን ትሕዝቶን ብምውዳብ፡ ተዋሃሂዱ ክቃለስ ምስ ዝበቅዕ ጥራሕ ስለዝኾነ፡ እዚ ጉባኤ'ዚ፡ ንመሰረታዊ ሃገራውን ህዝባውን ሽግራትና ኣብ ምፍታሕን ምውጋድን፡ ሃገራዊ ዓቕምታትና ናብ ሓደ ሃገራዊ ጽላል (ግንባራ) ዓሲሉ ተወሃሂዱ ክቃለስ ዘኽእልን ስትራተጂን ስልትን ክሕንጽጽን ከጽድቕን ትጽቢትን ሃንቀውታን ዝግበረሉ ጉባኤ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ጉባኤ፡ ነዚ መሰረታዊ ሃገራዊ ጠለባትን

ትጽቢታትን እዚ፡ ዝምልስ ሕንጻጽን ውሳኔን ብዓወት ኣሰላሲሉ ከምዝወጽእ ዘለና ትምኒትን እምነትን ክንገልጽ ንፈቱ።

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታት፡

ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ኤዲኪ፡ ግንባራዊ ጉባኤኡ ንምክያድ ኣብ መስርሕ ምድላው ምህላዉ ዝተፈልጠ ሓቂ ኢዩ። እዚ ግንባራዊ ጉባኤ'ዚ፡ ናይ ባዕሉ ፍሉይ ባህሪ ተኸቲሉ ዝካየድ ኰይኑ፥ ብመትከላት ናይ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ተመሪሑን ተማእዚዙን፡ ሓባራዊ ፖለቲካዊ እምነት ኣባላት ውድባቱ መሰረት ዝገበረን፥ ንብዙሕነታዊ ኩነታቶምን ዝተፈላለየ እምነታቶምን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ዝሓቝፍን ዘዋስእን፡ ንካልኦት ጌና ናብ'ቲ ግንባር ዘይዓሰሉ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከቡ ውድባትን ጕጅለታትን ዝዕድምን ዘሳትፍን፡ ንህዝብታትና ኣንጻር ህግዲፍ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዘተባብዕን ዘቃልስን ትሕዝቶን መንፈስን ዝሓዘ ፖለቲካዊ ቻርተር ክሕንጽጽን፥ ግንባራዊ ቅርጻ (ቅዋም) ክቐርጽን ክበቅዕ ንምግባር ዝጥለብ ናይ ቃልሲ ዕማምን ግቡኣትን ናይ ነፍስወከፍ ኣባል ውድባቱን ደገፍቱን ግቡእን ሓላፍነትን ምዃኑ ርዱእ ነገር ኢዩ።

ስለ'ዚ እምበኣር፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ኤዲኪ፡ ንዝሓዞ ግንባራዊ ጉባኤ ናይ ምግባር መደባትን፥ ካልኦት ናይ ቃልሲ ዕማማትን ተግባራዊ ንምግባርን፡ ኤዲኪ ግንባራዊ ሓድነቱ ኣደልዲሉን ተወሃሂዱን ዝያዳ ንቃልሲ ክበቅዕ ንምግባሩ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ግቡኣትናን ተራናን ምፍጻም ብዝሓሸን ብዝሰጠመን ኣገባብ፡ ኣጃምና ክንጻወት ቅሩብነትናን ተሳትፎናን ክነሐይል ኣብ እንጥለበሉ ወቕቲ ኢና ንርከብ ዘለና። ስለዝኾነ፡ ውድብና ህደግኤ፡ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ንምሕያልን ውሽጣዊ ሓድነቱ ንምድልዳልን፡ ኩሉ መዳያዊ ዕማማቱ ግብራዊ ንምግባርን፡ ዓቕሙን ትሕዝቶኡን ክንዲ ዝኽኣሎን ዘፍቀደሉን ኣበርክቶኡ ብምሕያል ግቡኣቱ ንኽፍጽም ድልዊ ምዃኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክገልጽ እፈቱ

ዝኸበርኩም ጉባኤኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን፡

ውድብና፡ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ (ህደግኤ) 6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣገደስቲ ሃገራውን ህዝባውን ስትራተጂታትን ውሳኔታትን ወሲኑ፡ ብዓወት ክወጽእ ካብ ምምናይን ምጽባይን ሓሊፉ፥ ምስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ ሃገራዊ መትከልን ዕላማን ዝተሰረተ ዝምድና ኣደልዲሉ፥ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ዝካየድ ዘሎ ውዕውዕ ሃገራዊ ቃልሲ ንምዕዋት፡ ኣብ ናይ ምክብባርን ምጽውዋርን ምድግጋፍን መትከላት ዝተሰረተ ዝምድና ብምሕያል፡ ሃገራዊ ዓቕምታትና ኣብ ሓደ ክጥርነፍን ስሙር ሃገራዊ ግንባርና ኤዲኪ ዝተዋሃሃደን ኣድማዕን ማእከልን ናይ ደምበ ተቓውሞ ኰይኑ ክነጥፍ ንምብቃዑ ኣብ ዝገበሩ ናይ ቃልሲ መዳያት ኣብ ጐኑ ጠጠው ብምባል ክቃለስ ምዃኑ በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ይገልጽ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን ጉባኤኛታት፡

በዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ፡ ደጊምና ክንጠቕሶ እንደሊ ነገር እንተሃለው፡ እዚ ጉባኤ"ዚ፡ ንህልዊ ወድዓዊ ኩነታትን ጸገማትን ናይ ሃገርናን ህዝብታትናን ብግቡእ ገምጊሙ፡ ነዞም ሽግራት እዚኣቶም ንምፍታሕን፡ ሃገርናን ህዝብናን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ከድሕን ዝኽእል ሃገራዊ ስትራተጂ ክሕንጽጽን፥ ኣገደስቲ ሃገራዊ ውሳኔታት ክውስንን ብዓወት ክወጽእን እናተመነና፤ ውድብ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ በዚ ታሪኻዊ ጉባኤ'ዚ ኣቢሉ ዝውስኖም ሃገራዊ ዕላማታት ንምዕዋትን፥ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ቃልስን ውድብና ህደግኤ ኣብ ጐንኹም ጠጠው ብምባል ክቃለስ ቅሩብ ምዃኑ ክንገልጸልኩም ከሎና፡ ኩርዓትን ሓበንን ይስምዓና። ኣብ መጨረሻ፡ ጉባኤ፡ ብሰናይ ክሰላሰልን ዓወት ጨቢጡ ክጽንበልን ንምነ።

ዓወትን ድምቀትን ን6ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!

**ህደግኤ**
23.07.2006